ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ሓዉዜን ንዝተፈላለዮ ሴክተራት ግልጋሎት ዝዉዕል ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ብግልፂ ጨረታ አወዳድር ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ሕዳር 23, 2010 (ልዕሊ 9 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 5, 2010 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:ሓዉዜን
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 5, 2010 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ስለዚ ክትጫረቱ እትደሊ ንክትወዳደሩ ንዕድም:

በዚ መሰረት ነቲ ዝድለ ረቁሓታት ተጫረቲ

- በቲ ዝተጠቀሰ ዘርፍ ንግዲ ፍቃድ ዝተሐደሰ ዘለኩም::
- ናይ 2009 ዓ/ም ግብሪ ዝኸፈልኩም::
- ቲነ ካርድ መረዳእታ ዘለኩም::
- ቫት ተመዝገበቲ ዝኾንኩም::
- ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ዲክለራስዩን ዝገበርኩም::
- ናይ መቅረባይነት ሴርትፊኬት ኣተሓሒዙ ዘቅርብ::
- ቅድሚ ጨረታ ነቲ ጨረታ መኽበሪ 3000(ሰለስተ ሺሕ) ብር ብጥረ ገንዘብ ወይ ድማ ባንኪ ዝተመስከረሉ ሲፒኦ ከትሕዝ ዝክእል::
- ናይቲ ሽያጥ ዝርዝር ዶኩሜንት ዘይምለስ 50 ብር (ሓምሳ ብር) ብምክፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ሓዉዜን ከ /ስ /ዕ /ንብ /ምም /ርን ቁፅሪ 01 ምዉሳድ ይከአል
- ካብ 20/ 03/2010 ዓ/ም ጀሚሩ ዝርዝር ናይ ጨረታ ዶክሜንት ብምዕዳግ ኣብ ናይ ባዕልና ዝተዳለወ ዶክሜንት ብምምላእ ኦርጅናልን ፎቶ ኮፒን ነንበይኑ አብ ዝተፈላለዩ ፖስታ ዓሺግኩ አብ ቤት ፅ/ት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ሓዉዜን ቁፅሪ 01 ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ይእቱ ::
- እቲ ዘይሰዓረ ተጫራታይ ዘትሓዞ ናይ መኽበሪ ጨረታ ቢድባንድ ሰዓራይ ምስተገለፀ ብመምርሒ ዕዳጋ መሰረት ይምለሰሉ::
- እቲ ጨረታ ዝሰዓረ ሰብ በቲ ዝሰዓረ ዋጋ ከቅርብ ፍቃደኛ እተዘኮይኑ ዘትሓዞ ቢድ ቦንድ ናብ መንግስቲ ካዝና ኣታዊ ይኸዉን::
- ሰዓራይ ዝተገለፀሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 5(ሓሙሽተ መዓልቲ) ተካታተልቲ ዉዕል ዝአስር
- ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት ናይ ፅሕፈት መሳርሒ 5 /04 /2010ዓም ሰዓት 8:00 ተዓፅዮ ድሕሪ ሰዓት 8:30 ተጫረቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይክፈት
- ሰዓራይ ኣብ ዝተገለፀሉ ቀሪቡ ዉዕሊ እንተዘይ አሲሩ ብመምርሒ ዕዳጋ መሰረት ዝቅፃዕ ምኻኑ ::
- ሰዓራይ ንዝስዕሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ብምሽፋን አብ ወረዳ ሓዉዜን ትልምን ፋይናንስን አጉዒዙ ዘቅርብ::
- ብመምርሒ መሰረት ኣብ እንዕድጎ እንዕድጎ ንብረት መጠን 20 % ክንዉስክ ክንቅንስ ንክእል ኢና
- ብሰመሰረት ዝእተዉዎ ዉዕሊ ብዝድለ ፅሬት አብ ዝተደለየ ግዜ ንብረት እንተዘይ አቅሪቦም ብዉልቐን እቲ ድርጅትን ተሓተትቲ ከምዝከዉን
- ሰዓራይ ዉዕሊ ኣሲሩ እቲ ዝግዛእን ንብረት አበቲ ዉዕሊ አሲሩ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ዘረከበሉ ንብረት እንተዘይ አረኪቡ ብሕድሕድ መዓልቲ 1/1000 ተቀሚዑ እቲ ንብረት ተመሊሱ የረክብ ከሙኡ እዉን 10% ናይቲ ዝሰዓሮ ንብረት ይቅፃዕ
- ዝምላእ ዋጋ ናይቲ ንብረት ኦርጅናል ኮይኑ ብኦርጅናል ገንዘብ ክከዉን አለዎ
- ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረከቡ ብምሉእ ወይ ብክፋል ነቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንዝበለፀ ሐበሬታ 0346670078

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle